# ዕድመ ፀገብ ውድብ ህ.ወ.ሓ.ት ዝመርሖ መንግስቲ ንምንታይ ፍትሒ ብምጉዳል ይሕመ ??

ፍስሃ መረሳ 01/22/2018

መበል 43 ዓመት ልደት ውድብና ህ.ወ.ሓ.ት ብዝለዓለ ፅምብል ኣኽቢርና ኣለና ፡፡ ምስጋና ይብፀሓዮም ምእንተ ሰላምን ፍትሕን ምርግጋፅ ክብሉ መተካእታ ዘይርከባ ክብርቲ ሂወቶም ዝገበሩ ስውኣትናን !!! ኣካሎም ሰንኪሎም እቲ ዝከበደ ዋጋ ዝከፈሉ ጀጋኑና !!! ተሞክሮ ወያናታት ዓለም ዘምህረና 43 ናይ ቃልሲ ዓመታት ብፍላይ ንርብዒ ክ/ዘመን ዝኣክል ጊዜ ኣብ ናይ ሰላም ጊዜ መንግስታዊ ስልጣን ሒዝካ ምምራሕ ንሓደ መሪሕ ፓርቲ ቀሊል ዝበሃል ጊዜ ኣይኮነን፡፡ ኣብ ክንዲዙይ ዝኣክል ዓመታት እኒ ቻይና ደ/ኮርያ ታይ ዝኣክል ተኣምራዊ ለውጢ ኣመዝጊቦም ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ፡፡

በቢግዚኡ ልደት ውድብና እንትነክብር ሰለምክባሩን ስለምዝካሩን ዘይኮነስ ከም ውድብ ነብሲ ወከፍ ደቂቃ፣ መዓልቲ፣ ወርሒን ዓመትን ብመንፅር ዝሓዝናዮ ዕማም ከመይ ተጠቂምናላ ዝተሰከምናዮ ናይ ህዝቢ ሓላፍነት መፈፀሚዶ ተጠቂምናላ ወይስ ዘባኽናዮ ጊዜ ኣሎ? ዝብል መመዘኒ ይትረፍ ናይ ሚልዮናት ህዝቢ ሂወት ንምልዋጥ ፕሮግራም ቀሪፁ ናይ ህዝቢ ኣሜኔታ ረኺቡ ኣብ ስልጣን ዘሎ ውድብ ሓደ ውልቀ ሰብ እኳ ንዝሕለፎ ጊዜ ከመይ ኣሕሊፈዮ ታይ ኣሳኺዐ ታይ ኣይተሳኸዐን ንምንታይ ኢሉ ገምጊሙ ክሓልፍን ዝኽደሉ ጉዕዞ ኣስተካኪሉን ክቅፅል ተዘይኪኢሉ ዕድመ ካብ ምቁፃር ሓሊፉ ጉዕዞ ሂዎቱ ምዕሩይ ክከውንን ዝሓሰቦ ከሳክዕን  ኣይክእልን፡፡ ናይህዝቢ ሓላፍነት ዝተሸከመ ውድብን መንግስቲን ከዓ ዝኣተኻዮ ቃል ምፍፃምን ዘይምፍፃምን ዝተቀበልካዮ ሕድሪ ንሕድሪ'ውን ናይ ብሂወት ዘየለው ሕድሪ እሞ ንዓኻ ኣሚኖም ዝሓለፉን ብደም ፅሒፎም ብኣዕፅምቲ ነዲቆም ዝገደፍዎ ናይ ኣእላፍ ደቂ ህዝቢ ሕድሪ!! ሒዝካ ነብሲ ወከፍ ስዳሮኻ ናበይ ትስጉም ኣላ እናረኣይካ እናገምገምካ ምኻድ ዕሽሽ ዘይበሃልን ብዕቱብ ሓላፍነታዊ ስምዒት ክፍፀም ዝግበኦ ተግባር እዩ ዝኸውን ፡፡

ከምቲ ዝፍለጥ ካብቲ ዝተሓለፈ ጊዜ እቲ 17 ዓመት መሪርን ደማዊን ፀረ ደርግ ብረታዊ ቃልሲ ዝተኻየደሉ ጊዜ እዩ ነይሩ፡፡ እዚ ምዕራፍ እዙይ ብብቅዓት ተመሪሑ ወዲሰብ ክኣምኖ ዘፅግም ታሪኽ ተሰሪሑ ፡፡ ኣይከኣልን ዝበሃል ዝነበረ ኩሉ ተካኢሉ፡፡ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ሕሉፍ መዋእሉ ዝደመቀ ታሪክ ዝሰርሐሉ ጊዜ ኮይኑ ተመዝጊቡ ፡፡ እነሆ በቢዓመቱ ንዝክሮ ኣለና፡፡ ብቀፃሊ'ውን ህያው ኮይኑ እናተዘከረ ክነብር እዩ፡፡

ቀፂሉ ዝመፀ ናይ ቃልሲ ምዕራፍ እቲ ንዓመታት መንገዲ ልምዓት ዓፂዩ ሒዙ ዝነበረን ጠበቓን መንቀሊን ናይ ኩሎም ድሕረታት ዝነበረ ፖለቲካዊ ስርዓት ድሕሪ ምድምሳስ ናይ ሰላም፣ዴሞክራን ናይ ልምዓትን ኣጀንዳ ብምሓዝ ጠቕላላ ለውጢ ንምምፃእ ዝግስገሰሉ መድረክ ተረኪብዎ እነሆ 26 ዓመታት ተጓዒዝና ኣለና፡፡

ህ.ወ.ሓ.ት ኣብ ዕጥቂ ቃልሲ ዘርአዮ ናይ ምምራሕ ብቅዓትን ህዝቢ ናይ ምንቅስቓስን ናይ ምምራሕ ተሞክሩኡን ተጠቂሙ ምስ ካልኦት ዴ/ክራስያዊ ሓይልታት ኣብ ሓደ ግምባር ተሰሊፉ ንቲ ሃገራዊን ክልላዊን ተልእኮ ብብቅዓት ክመርሕ ታሪካዊ ሓላፍነት ዘሰከመ መድረኽ እውን ነይሩ፡፡ ከምውፅኢትእውን ብተነፃፃሪ ክበሃል ዝከኣል ብፍላይ ድሕሪ ተሃድሶ ብኩሉ መዳይ ብዓዲ ደረጃ ይኩን ህ.ወ.ሓ.ት ዝመርሖ ክልል ብተግባር ዝረአ ለውጢ ተረጋጊፁ እዩ፡፡

ኣብ ርእሲ ናይዚ ፅሑፍ ከምዘቀመጥኩዎ ብፍላይ ኣብቲ ካልኣይ ምዕራፍ ቃልሲ ጉዕዞ ክሳዕ ክንደይናይ ህዝቢ ብዝፅበዮ ደረጃ ኢና ንነጥፍ ዘለና? ንምንታይ ንናይህዝቢ ሕቶታት ቅልጡፍ ምላሽ ዘይንህብ ? ዝብል እዩ ቀንዲ መልዐልየይ፡፡ በቢግዚኡን በቢመድረኩን ካብ ኩሉ ክፋል ሕ/ሰብን ተደጋጊሙን ንሰማዒኡ ብዘስልቹን ዝቀርብ ፀገም ፍትሒ ይጎድል ኣሎ፣ ፍትሒ ይጠፍእ ኣሎ፣ኣብዙይ ምምሕያሽ ዘይኮነስ እቲ ፀገም እናገደደን እናተወሳሰበን እዩ ዝከይድ ዘሎ ብሱሩኽ ክፍታሕ ድዩ? ዝብል ናብ ጥርጥር ዘእቱ ኩነታት እናተፈጠረ እዩ ዝከይድ ዘሎ፡፡ እዚ ፀገም ኣብ ገጠር ይኩን ከተማ ዘሎ ህዝቢ ብሓደ ቃል ዝገልፆ ዘሎን ከምውዕኢት’ውን ኣብ ገሊኡ ከባቢታት ናይ ሃገርና ዝተርአየን ክሳዕ ሐዚ ዝረአ ዘሎ ዕግርግር ሓደ መንቀሊኡ ናይ ፍትሒ ጉድለት ምኻኑ መንግስቲ’ውን ብግላጭ ዝተቀበሎ ፀገም እዩ፡፡ እቲ ዘሎ ናይፍትሒ ፀገም መልከዓቱ እንትግለፅ ብቀንዱ ኣብቲ ሕጊ ተርጓሚ ይኩን ስራሕ ፈፃሚ ኣብ ዝህቦ ውሳነታት ሰፊሕ ምትእጉጓል፣ብቅልጡፍ ውሳነ ዘይምሃብ፣ ኣብ ዝህቦ ውሳነ እውን ኣድልዎን ብጥቅማጥቅሚ ምስራሕ፣ ብግበረለይ ክገብረልካ ምስራሕ፣ ብፍላይ ከዓ እቲ ካብ ላዕሊ ክሳዕ ታሕቲ ዘሎ ናይ ምም/ር መሓውር ንህዝቢ ዘይምድማፅን ነቲ ልምዓት ብፅርየትን ብቅልጣፍን ንኩሉ በቢደረጅኡ ተጠቃሚ ዝገብር ኣፈፃፅማ ሒዙ ናይ ዘይምትግባር ዘለዉ ፀጋማት ተደሚሮም ናይ ፍትሒ ጉድለት ኮይኖም ኣብቲ ተገልጋሊ ህዝቢ ዘይምዕጋብ ይፈጥሩ ከምዘለው ተደጋጊሙ ዝግለፅ ዘሎ ጉዳይ እዩ፡፡

እዚ ፀገም እዙይ ኣብ ስፍሓቱን ደረጅኡን ኣፈለላይ ክህሉ ተዘይኮይኑ ብክልል ደረጃ ይኩን ብሃገር ብደረጃ መንግስቲን ንዑ ዝመርሕ ዘሎ ውድብን እቲ ፀገም ከምዘሎ ቅቡል ተገይሩ እናሃለወ ንምንታይ እዩ ኣብዙይ መሰረታዊ ለውጢ ዘይመፅእ? ናይ ማን እዚ ጉዳይ ልዕሊ ዓቅሚ ድዩ ኮይኑ? ዋላኳ እቲ ናይ ፍትሒ ምርግጋፅ ጉዳይ ገሊኡ ምስቲ ደረጃ ኢኮኖምያዊ ምዕባለና ዝከይድን ዓቅሚ ዝጥይቁን ብሓደ ጊዜ ንክትምልሶም ዝኸብዱን ጊዜ ዝሓቱን ጉዳያት ምህላዎም ዘይከሓድ ተኮነ እቲ ዝበዝሕ ግና ብዘለና ዓቅሚ ክንፈትሖም እናከኣልና ንምንታይ ምፍታሕ ይኣቢ ኣሎ? ኣብ ገሊኡ ብጣዕሚ ዘሕፍር ንስኩም ኣይተዳምፁን ንህዝቢ ኢህን ኢልኩም ኣይትሰምዑን ዝብል ብስፍሓት ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ዝቀርብ ዘሎ ቅሬታ እሞ ከዓ ምስህዝቢ ማይን ፀባን ኮይኑ ይከይድ ዝነበረ ውድብ ህዝቢ እናሳተፍካ ምውሳን ናይ ህዝቢ ርኢቶን ሓሰብን ተቀቢልካ ኣብ ተግባር ምውዓል ከም ቀንዲ መለለይ ባህሪኡ ኮይኑ ዝፍለጠሉ ዝነበረ ውድብ ብተናፃፃሪ ዝሐሸ መሳለጥያን ሰብኣዊ ዓቅምን ኣብዝረከበሉ ጊዜ ከመይ ገይሩ ንዙይ ምፍታሕ ዝኣብዮ ዘሎ? ቅልጡፍን ሕጊ መሰረት ገይርካ ውሳነ ንምሃብ ናይ ቅንዕናን ተወፋይነትን ፀገም ተዘይኮይኑ ታይ ልዕሊ ዓቅሚ ዘሽግር ኩነታት ሃልዩ እዩ ንዓመታት ናይ ህዝቢ ቅሬታ ኮይኑ ክቅፅል ዝክእል ዘሎ? ንዓይ ናይ ብሓቂ ሕንቅሕንቅሊተይ እዩ ኮይኑኒ ዘሎ፡፡

እቲ ቀንዲ ፀገም ሐዘውን ዝሓዝካዮ ስልጣን ንህዝቢ ንምግልጋል ዘይኮነስስ ንዕልካ እናተገልገልካ ናይ ምንባር ድሌትን ኣተሓሳስባን ተግባርን ሐዝውን ብመሰረቱ ኣይተፈትሐን፡፡ ዘይሩ ዘይሩ እቲ ኣመራርሓ ናይ ህዝቢ ውግንኡ ምልሕላሕን ደንታ ቢስ ምዃንን ዝወለዶ ፀገም እዩ ዝከውን ዘሎ፡፡ መበገሱኡን መዕለቢኡን ናይ ህዝቢ ረብሓ ንምርግጋፅ ዝተልዓለ ኣመራርሓ እሞ ትማሊ ሓብሒቡ፣ ከይጠሚ፣ ከይፀምእ፣ከይዓርቅን ከም ውላዱ ተከናኪኑ ምስኡ ቆሲሉ ደምዩ ገሊኡ ንቲ ቃልሲ ንምዕዋት ካብ ዓቀን ንላዕሊ መስዋእቲ ከፊሉ ሐዚ በሪ ዝዓፅወሉ ውላድ እኳ ዘይብሉ ዝተረፈ ወላዲ ተፀጊመ ኢሉ እንትመፆ ድንግፅ ኢሉ ኣብ ክንዲ እቲ ፀገሙ ዝፈትሐሉ ኣብ ናይ ባዕሉ ኣጀንዳን ጥቅምን ዕንክልል ዝብል ሓይሊ ሒዝካ ብመሰረቱ እዙይ ከመይ ገይሩ እዩ ናይ ህዝቢ ፀገም ክፈትሕ ዝክእል? እሞኸ ነዚ ሓይሊ ሒዝካ ከመይ ገይርካ ህዝቢ ብተነፃፃሪ ክዓግበሉ ዝክእል ፍትሒ ክረጋገፅ ዝክእል? ስለዚ ሐዝውን ውድብ ምስ ዕድሚኡ ዝመጣጠን ለውጢዶ የምፅእ ኣለኹ ኢሉ ሓሲቡ ድቃስ ሲኢኑ ነቲ ኩነታት ክልውጦ ተዘይተንቀሳቒሱ ዓር ይብለኪ ክር ይብልኪ ተኣበይኪ  ከይኸውን ምጥንቃቅየድሊ፡፡

ዘልኣለማዊ ዝክሪ ምእንተ ፍትሒ ምርግጋፅ ክብሉ ሂወቶም ዝገበሩ ስውኣትና !!!